Kompetansesenteret
Tannhelse Midt



# ናይ መጀመርታ ምብጻሕ ናብ ሕክምና ኣስናን

እታ ናይ መጀመርታ ምብጻሕ ናብ ክሊኒክ ናይ ኣስናን ደስ ተብልን ከምኡ ድማ ቅሩብ ሓድሽ ነገር ክትከውንን ትኽእል እያ፡ ምኽንያቱ ን ኣስናን ንመጀመርታ ግዜ ንርእዮም ስለ ዘሎና።

## ምድላዋት

ቆልዓ ኣብ ናይ ኣስናን መርመራ እንታይ እዩ ከጋጥም ክዳሎ የድልዮ። ቅድሚ ምብጻሕ፡ ን ቆልዓ ኣስናን እንዳቆጸርካ ኣብ ቅድሚ መስትያት ኣፍ ኣጸቢቕካ ምኽፋት ክለማመድ ክትገብሮ ጽቡቕ እዩ። ኣስናኖም ንምምርማር ዘገልግሉ ብዛዕባ እቲ ሰድያ፡ መብራህቲን ንእሽቶ መስትያትን ንገርዎም። ብተወሳኺ ኣብ መጀመርታ ናይ ምብጻሕ፡ ኣስናኖም ንምውጻእ ናይ ኣስናን መፈተሺት ቅሩብ ምጥቃም ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል።

## ድሕነት

እዚ ምብጻሕ ንሓዋሩ ዝኸውን ናይ ምትእምማን ርክብ መሰረት ክገብር እዩ፡ ከምኡ ድማ ሰራሕተኛታት ኣስናን እዚ ናይ ኣስናን መርመራ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣወንታዊ ተመክሮ ንክኸውን ከረጋግጹ ዝከኣሎም ዘበለ ክገብሩ እዮም

እቲ ቆልዓ ኣብ ኣተኩሮ ክኣቱ እዩ፡ ወለዲ ድማ ኪኢላታት ጥዕና ኣስናን ኣብ ፈለማ ቀጥታ ነቲ ቆልዓ ክሓትዎ ክዕዘቡ እዮም። ኣብ ናይ'ቲ ቆልዓ ኣዘራርባ ምትእምማን ንምህናጽ ንዘረባ ጽቡቕ መጠን ናይ ግዜ ከፍቅዱ እዮም።

እቲ ምስ'ቲ ቆልዓ ዝመጽእ ሰብ ብዛዕባ ምብጻሕ ናብ ምጽራይ ኣስናን/ሓኪም ስኒ ዝተዛነየ ኣረኣእያ እንተዳኣ ሃሊይዎ፡ እዚ ነቲ ቆልዓ ብተወሳኺ ናይ ውሕስነት ስሚዒት ይህቦ። ቅድሚ ምብጻሕኩም ነቲ ክልኒክ ርኸብዎን ከምኡ ድማ ብፍላይ እቲ ቆልዓ ተሻቒሉ እንተዳኣሎ ንገርዎምን። ካብኡ ብሓባር እቲ ዝበለጸ ኣቀራርባ ነቲ ቆልዓ ክትረኽቡ ክትክእሉ ኢኹም።

## ናይ ቆልዓ ጥዕና ኣስናን

ጽቡቕ ናይ ኣስናን ጥዕና ንምዕቃብ እንታይ ምግባር የድሊ ሓበሬታን መምርሕን ክትረኽቡ ኢኹም። ነዚ ዕማም'ዚ ከመይ ጌርኩም ብዝበለጸ ትሕዝዎ፡ እዚ ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ስኒ ሓላፍነት እዩ።

ዝኾነ ጉዳያት ይዕበ ይንኣስ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ጥዕና ኣስናን ዝኾነ ትደልይዎ ነገር እንተዳኣ ሃልዩኩም ሕተቱ። ብዛዕባ ሕማማት፡ ኣፍውስ ወይ ናይ ኣመጋግባ ብድሆታት ሓብሩና። እዚ ኣብ ጥዕና ኣስናን ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

## መምርሒ ንጽቡቕ ጥዕና ኣስናን

. መጽረዪ ወይ ብራሽ ናይ ስኒን ከምኡ ድማ ፍሎራይድ ናይ ስኒ ክሬምን- ንግሆን ምሸትን

. ቆልዓ ኣብ ሞንጎ ናይ መግቢ ሰዓታት እንተዳኣ ጸሚኡ ኣንከላይ ኣብ ለይቲ- ማይ

. ጥዑይ መግቢ ኣብ ልሙድ ሰዓታት- ንኣካልን ኣስናን ጽቡቕ እዩ